# ንዓኹም ክሕሸኩም መስከሩላ

| | |
|---|---|
| ሕድሪኹም መስከሩላ ! | ኣብቲ ቁልቁልን ዓቐብን : ዘብዘብን ሰዓብን |
| ንዓኹም ክሕሸኩም መስከሩላ ! | ወኒ ቃልሲ ዓጢቓ : ጉራደን ሴፍን |
| ነታ ኣደ : ነታ ሓርበኛ | ነጋሪት ትሃርም : ብዕልልታን ደበላን |
| ነታ ማእገር : ነታ ሓቦኛ : | ተውለ ድርብ ቃልሲ : ንባህሪን ንሰብን : |
| ነታ ጥበብ : ነታ ውሓለ | |
| ነታ ድርብ ቅናታ : ነታ ተውለ : | ሕድሪኹም መስከሩላ ! |
| | ንዓኹም ክሕሸኩም ዓውታኹም ወስኹላ ! |
| መስከሩላ ሕድሪኹም! ኣይትብቀቑላ ! | ከመይ ዘይትምስከሩላ : ድምጺኹም ይራባሕ |
| ነታ ፍቕሪ : ንባዕላ ሓቂ | ኣብ ሎሚ ኮይናእንዲያ : ትነብራ ንጽባሕ : |
| ንሳ ሉል ዕንቊ : ዝኸበረት ካብ ወርቂ | |
| ንሳ ታሪኽ : ንሳ ማህደር | ዓይኒኹም ከፊትኩም : እስከ ትዓዘቡ |
| ዋሕስ ሪም : ዋልታ ናይ ሃገር | ጸርጊ ብርሃና : ኣብ ፊትኩም ዓሊቡ |
| ታሪኻ ይበርበር : ኣብ ናይ ክብሪ ሓወልቲ ይወቐር : | መስመስ እናበለ : ከም ጸሓይ ሰርቡ |
| | ሂወትኩም ብዘይ ብኣ : ጨው'ኳ ዘይብሉ |
| ኤርትራዊት ኣደ : እዛ ሓርበኛ | ከመይ ደኣ ዘይትምስከሩ : ክሳብ ትርብርቡ : |
| ብባዴላ : ኙሕሰም ጸላእታ : ጸራሪጋ | |
| ሂወታ ወፊያ : ሂወት ዓዲላ | ባይቶ ልቢኹም : ኣልዚባ ተዕቍብ |
| ዕርፍቲ ተሓሲማ : እፎይታ ገዲፉ : | ከስዐኹም ኣስጽጊባ : ባህጊኹም ትቕልብ |
| | ቤትኩም ኣማሚቓ : ሂወትኩም ተዓምብብ |
| መስከሩላ ၊ | ልዕሊ'ዚ ህያብ : ኣሎ ዲዩ ካልእ መኸሰብ |
| ነታ ሞቶር ናብራ : ሕልፊኹም ትሃልኽ | |
| ነታ ብድሆ'ላ : ንብድሆ ትመልኽ | ቦኹሪ ዓይኒኹም እንዲያ : ናይ ትርኢትኩም ኣወል |
| ነታ ጉይታ ሰነድ ጉይታ ታሪኽ | ዓይኒኹም ብኽዱኑ'ኳ : ምስላ ዘይኸወል |
| ፈጣሪትኩም ዝኾነት : ኣብ ትሕቲ ኣምላኽ: | ትሕዝቶኣ ዘይትበቅቕ : ናይ ፍቕሪ ማዕከን |
| | ሕሉባን ንጹፉንን : ሓንኩኻ ትመቕል |
| ዕሰልዋ ከም ንግስቲ ንህቢ | ፍርቂ ሓይሊኹም ኮይና : ንሃገር ትፈጥር : |
| ዘምሩላ ብመዝሙረ ልቢ | ንስለ ውዕለታ መስከሩ ! |
| ክበቡዋ ! ክብረትኩም ክዓቢ | መቃልሕ ልሳንኩም : ንሓዋሩ ይደውል : |
| ቃና መቓልሕኩም : ኣብ ዙርይኣ ይዘንቢ : | |
| | እምበር ንሳ'ደኣ ! |
| መን'ዶ ኣሎ'ዩ ! ከምኣ : ፍጥረቱ ዘለሲ | ኣጽኒዓቶ እንዲያ : ምልኣተ ፍጥረታ |
| ሓጹር መግዛእቲ ፈንቂላ : ኣደራዕ እተብሊ | ዋጋ ከፊላ : ብመስዋእትነታ |
| ንድርብ ጭቆና : ብድርብ ቃልሲ | ሰዊዱ ማዕርነታ : ብሳላ ኤርትራውነታ : |
| ብርሃና ዝኾልዐት : ካብ መድፈና ድሑር ባህሊ | |
| መሪሕ ንመትከል : ከም መርፍእ ንፈትሊ | ውህደትና ! ከም መርፍእን ፈትሊን |
| ድነ ሞት በዲሃ : መስተርሆት ክትደሊ | ከም ማይን ጻባን |
| ጽንዓት ተቐኒታ : ደሪባ ዓቕሊ : | ኣብ ጽንዓትን : መኸተን |
| | ሎሚ ከም ትማሊ |
| ኣብ ኩናትን ሰልፊን : ኣብ ገደልን ኣጻድፍን | ሃገርና ክትድይብ ኣብ ዝበረኸ ጽፍሒ |
| ኣብ ኒሕን ኣርኣያን : ኣብ ጥበብን ሞያን | ውዕለትና ክንፍጽም : ዝተሰከምናዮ ሕድሪ: |
| ኣብ መጉትን ሓቒን : ኣብ ጸበባን ጭንቂን | ሓድነትና ይደልድል : ሎሚ ከም ትማሊ : |
| ንሳ እንዲያ ትዓጥቆም : ፍሽኽታን ሰሓቕን | ምኅስን ክብሪን ንጅጋኑ ሰማእታትና |
| ንብጾታ ተዕጥቕ : ሞራልን ንያትን | |
| ፈጺማ ዘይትዳነ : ንጸላእትን ሞትን | ዓወት ንሓፋሽ : |
| ፈዳይት ሕነ : "ፋና " ቅኒትን መዝሙርን : | መድሃኔ ተስፋኣለም : ብመኽንያት 8 መጋቢት 2019 |
| | |